# ኣዕናዊ ምስጢራዊ ሰኪዔት ኣብ
# ውሽጢ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ

## ቀዳማይ ክፋል

### ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
### ክስልይ ዝተላእኸ ሰብ

ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ንግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ንምድኻም ዝተፈላለየ ሽርሒ ክካየድ ምጽንሑ ናይ ኣደባባይ ምስጢር እዩ። ኣባል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኮይኑ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዜና ክነጥፍ ዝጸነሐ ዮሴፍ ገብሪሂዎት፡ ውድብ ድሕነት፡ ተስፉ ዘለዎ መንእሰይ እዩ ኢሉ ድሕረ-ባይታ ናይዚ ባእታ ብግቡእ ከይተጸንዐ ኣብ ኣዚዩ ሓጺር እዋን መታን ብሽውሃት ክቃለስ ዝተኸፍተሉ ኣፍደገ፡ ንረብሓ ለኣኽቱ ብዘርዊ ንምውዓል፡ ፍልም ብዝተፈላለየ ምኽንያታት በብእዋኑ ናይ ውድብ ገንዘብ ንውልቃዊ መዓላ ዝጀመረ ቅጥፈት ሳዕሪሩ፡ ንስራሕ ዝተዋህቦ ኮምፕዩተርን ሞባይልን ድሕሪ ምቕባሉ፡ ኣብ 4 መዓልታት ዘይኣክል ካብ ቤት ጽሕፈት ጠፊኣትኒ ኢሉ ድሕሪ ምጥፍፋኡ፡ እቲ ቐንዲ ተልእኾኡ ንምዕዋት፡ ናይ መራሕቲ ውድብ ዲጂታል ሰነዳት ብዝተፈላለየ መንገዲ ክሰርቕ ጀመረ። ድሕሪዚ ናብ ካልኣይ ተልእኾኡ ኣድሃበ። እቲ ተልእኾ ድማ ፈለማ ንገለ ኣባላት መሪሕነት ትውልዲ ቦትኦምን ሃይማኖቶምን ከም መበግሲ ተጠቒሙ ድሕሪ ምጥቃዕ፡ (ኣብ መስከረም ነት ኣብ ወርሒ 6 2013 ዝተለጠፈ ጽሑፍ) ሎሚ ድማ ወድብ ብሰንኪ ተግባራቱ ክሳብ ጉዳዩ ዝጻረ ምሰደስከሎ፡ ሎሚ ዕማማተይ ወዲኤ እየ፡ ብምባል ዘረባታት ክመልቀ ምስ ጀመረ፡ ተልእኾኡን ተልእኾ ብስም ሓድነት ምስ ውደብ ዝተጸንበረ ባእታ ዘቃልዕ ሰነዳት ኣብ ኢድና ኣሎ።

ቅድሚ ጉባኤ ዝነበሩ ምሪሕነት ዘጸለሞም ከይኣክል፡ ውድብ ንምምህማን ኣብዚ ሎሚ እዋን ዮሴፍ " ዑቕባዝገ ከመርሓካ ብቕዓት የብሉን…ኣፈይ ክሓትም ገንዘብ ይህበኒ'ሎ.. ዋላ እውን ነጋሽ ብዙሕ ክቀርበኒ ፈቲኑ ኢዩ። ብዙሕ ግዜ እውን ገንዘብ ይልእከለይ ነይሩ። እንተኾነ ግን ብልቢ ክትኣምኖ ትኽእል ኣይኰነን። ኣብ ኣዲስ ኣበባ መጺኡ ኣብ ዝነበረ እንታይ ይገብር ይከታተሎ ነይረ። ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ግንባር ጽልእን ቅርሕንትን ኣለዎ። በዓል እዚኦም ከመይ ገይሮም ንዓና መራሕትና ክኾኑ ኢልካ ትሓስብ። ሓላፊ ናይ ዜና ሕጂ ዕዘዲን ኣየእቱ ኣየውፍር። ዓርከይ ክሽውን ይፍትን። ዓቕመይ ስለ ዝፈልጥ ናይ ዜና ስራሓት ከካይደሉ ብዙሕ የቀባጥረለይ። የሕዝን ኢዩ ከም እዚኣቶም መራሕትኻ ክኾኑ።.." ክብል ተሰሚዑ።

ሓደ ካብቲ ሰነዳት ንኣዋርሕ ብክከታተልዎ ዝጸንሑ ብሃገሮም ዝግደሱ ውፉያት መንእሰያት ኣብ ሰሜን ኢትዮጵያ ዝተቐድሐ ኢዩ። ዮሴፍ ንለኣኽቱ መሻርኽቱን ኣፍሊጡ ንሱዳን ገጹ ክሃድም ፈቲኑ ግን ኣይተዓወተን። እዚ ሰነድ እዚ ካብ ግንባር ድሕነት ሓሊፉ ንኻልኦት'ውን ዝትንክፍ ስለ ዝኾነ ንግዚኡ ገለ ክፋሉ ክንዕቅቦ ኢና።

እቲ ዘሕዝን ድማ፡ ካብ ክፍሊ ሰለያ ህግደፍ ዝተዋህበ ዕማም ንምትግባር ሓጋዚ ኩነታት ረኺቡዩ። ንሱ ድማ፡ እዞም ናይ ሕጂ መሪሕነት ድሕነት ዘይኰነስ እቶም ቅድሚኦም ዝነበሩ፡ ብገርሆም ኣባል ክፍሊ ዜና ሃገራዊ ባይቶ ከም ዝሸውን ገይረሞ ኢዮም።

ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብተን ዘይተመሃረለን ሓደገኛታት ፖለቲካዊ መስርሕ፡ ብስም ሓድነት ንዝቐረብዎ ኩሎም፡ ኣድላዪ ፖለቲካውን ስነ-ኣእሙራውን ቅድመ-ተደላይነት ዘለዎም ረቛሒታት ከይተማለአ፡ ምስ ሓድነት ኢሉ ዝቐርብ ሽነኽ፡ ሃንጎፋይ ኢሉ ብምቕባል ዘካይዶ

መስርሕ ኩሉ ግዜ ከምቲ ኩሉ ደላይ ሓድነት ዝጽበዮ ምዕኳኽን ምድልዳልን ዝሰመረ፡ ሓይልታት ዘይኮነስ፡ ብስምዒት ተደሪኹ ዝኸይድ መስርሕ ጥራይ ስለ ዝኸውን፡ ዓቅምታቱ ብምድኻምን ብምርማስን ስምብራት ኣሕዲሩ። እቲ ዝገርም ካብዚ ተመክሮ ትምህርቲ ዘይምቕሳም እዩ። እቲ ኣዝዩ ዘደንጽው ድማ ብሓድነት ናብ ግንባር ድሕነት ዝቐረበ ኩሉ፡ ክሳብ ላዕለዋይ መሪሕነት ወይ ድማ ዝለዓለ ደረጃ መሪሕነት እኹል መስርሕ ምውህሃድ ከየብሰለ ኣብ ኣዚዩ ሓጺር እዋን ስልጣን ናይ ምጭባጥ ተኸእሎ ቀሊል ምኳኑ እዩ። እዚ ነቲ ውድብ ይኹን ሓድነቱ ከምኡውን ነቶም ብቕንዕና ዝጽንበሩ ሸነኻት ጉዳኢ እንበር ረብሓ ዘለዎ ኣይኮነን። ውድብ ኢና እናበሉ በጻብዕቲ ዝቑጸሩ ጥራይ መጺኦምኻ፡ እሞ ድማ ኣብ ፖለቲካዊ ራእይ ናይ ምውህሃድ መስርሕ ከይሓለፍካ ኣብ ላዕለዋይ መሪሕነት ኣሚንካ ፖለቲካዊ እስትራተጅኻ ከተግብሩልካ ምጽባይ፡ ስምዒታዊ ኩነት ዝላዕጠጠ ፖለቲካዊ መስርሕ ከምዝኾነ ብሩህ'ዩ። እዚ ብተደጋጋሚ ዝተራየ ተርእዮ እዩ። እዚ ዘነጽሮ መሪር ሓቂ እንተሎ ግንባር ድሕነት ጌና ጥሉል ዝኾነ ፖለቲካዊ ራእይን፡ ነቲ ፖለቲካዊ ራእይ ድማ ብተወፋይነት ከዐዉቱ ዝኽእሉ ውፍያትን ክኢላታትን መሪሕነት ክትሃንጽ ዘይምብቃዕ እዩ። እዚ ጀብሃ ብዓባያ እንከላ ዝሰረጸ ፖለቲካዊ ሕማም ናብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ምስግጋሩ ዘሕዝን እዩ። በቲ ካልእ ሸነክ ድማ እዘን ኣብ ላዕሊ ተጠቒሰን ዘልዋ ሕማማት እንተድኣ ሓንሳብን ንሓዋሩን ክፍወሳ ክኢለን፡ ክዓቢን ክድልድልን ዕድላት ካብ ዘለዎም ውድባት ሓደ ግንባር ድሕነት ስለ ዝኾነ፡ ከምቲ ኣብ ጀብሃ ብዓባያ እንከላ ብውሽጥን ብደገን ንምብትታና ብናይ ትማሊ ቀንዲ መራሕቲ ህ.ግ. ዝካየድ ዝነበረ፡ ናይ ሎሚ መራሕቲ ህግድፍ ድማ ብዝረቛቛ መንገዲ እቲ ሃጓፋት እናጽንዑ ይዋፈሩ ከምዘለዉ ምዝንጋዕ የዋህነት ጥራይ ዘይኮነስ ፖለቲካዊ ድንቁርና እውን እዩ። ናይዚ ዝረቛቛ ውዲት ግዳይ ምኳን ግንባር ድሕነት ፈለምኡ ኣይኮነን። እተን ዝሓለፋ መጻወድያታት ምስ መጠናዊ ክሳራታት ተሰጊረን እየን። እዚ ኣብዚ እዋን እዚ ውድብ ተኣሊኽዎ ዘሎ ተንኮላት ግና፡ ብዝወሓደ ክስገር'ኳ እንተተኻኢሉ ዘስዕቦ ክሳራታት ቀሊል ኣይክኸውንን እዩ። እቲ ሓቂ እዚ እዩ። ኣባላት ግንባር ድሕነት ዝጽበየኩም ዘሎ ሕልኽልኽ ዝበለ ቀረባ መጻኢ ክትበቕዕዎ ድኹም..... እዚ ሕቶ ኣብ ነፍሰ-ወከፍ ኣባል፡ ተደናጋጺ ይኹን ቅኑዕ ተቓዋማይ ዝዝንብይ ዘሎ፡ መስቀለኛ ሕቶ እዩ። ብወገንና እተን ንኣዋርሕ ብድሩት ዓቕምታትና ዝኣከብናየን ጭቡጣት ሰነዳት ነቕርብ ኣሎና፡ "ፈረስ የብጽሕ እንበር ኣይዋጋእን".. ከምዝበሃል፡ ውድብ ምድሓንን ዘይምድሓንን ብምሉኡ ሓላፍነት ናይ ኣባላቱ ጥራይ እዩ።

ናይ ዮሴፍ ታሪኽ ኣብ ንፍትሸሉ ዝነብርና እዋን፡ ገለ ካብ መሪሕነት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት፡ እሞ ድማ ኣደስኪሎሞ እንከለዉ ሕቡእ መሳሪፍን፡ ምንክብኻብን ይገብሩሉ ምስተዓዘብና ድማ፡ ዮሴፍ ናብ ብዙሕ ንውድብ ድሕነት ዝርምስ ዘሎ ተረኽቦታት መንቀሊኡ እንታይ ምኳኑ ክመርሓና ከምዝኽእል ግምታት ጌርና ዝተበገስናሉ ናይ ሰነዳት ምእካብ ወፍሪ፤ ብናይ ድምጺ ሰነድ ምስናዱ ግድን ኮይኑ ረኺብናዮ። ንኹሉ ብጉዳይ ድሕነት ዝግደስን እዚ ተርእዮ ብፍሉይ ኣብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ኩለን ንስርዓት ህግደፍ ብትሪ ዝቃወማ ሓይልታት ክህልው ዝኽእል ተርእዮ ንምብድሁ፡ እቲ እንኮ ኣድማዒ ስልቲ፡ ጭብጥታት ምእካብን ምቅልዑን ምኳኑ ንኣምን። ቅድሚ ናብቲ ሰንዳትና ምእታው ሕጽር ዝበለ ድሕረ ባይታ ዮሴፍ ምቕዳም ኣገዳሲ ይመስለና።

ኣብዚ ከይጠቐስናዮ ክንሓልፍ ዘይንደሊ እንተሎ፡ ዛዕባ ትሕዝቶና፡ ዮሴፍ ከም ውልቀ-ሰብ ኣይኮነን ። ዮሴፍ ምጋበሪያ ናይ ዝተፈላለዩ ሸነኻት እንበር ካልእ ተራ የብሉን። የግዳስ ከም መሳርሒ ንዋት ዝተገልገልሉ ነገር፡ ኣሰሩ ምፍታሽ ናብቲ ድሕሪኡ ተኸዊሎም ዘለዉ ለኣኽቲ ስለ ዘቕንዓካ፡ ኣገዳስነት ዮሴፍ ኣብዚ ነጥቢ ጥራይ'ዩ።

**ድሕረ ባይታ ዮሴፍ**

ኣብ መርበብ ሓበሬታ መስከረም ኣብ ወርሒ 6 2013፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዛዕባ ገይሩ ብዮሴፍ ዝተጻሕፈ ኣርእስቲ ምስተዓዘብና፡ ቀዳማይ ኣብ ኣእሙሮና ዝተቐጀለ ሕቶ፡ **ዮሴፍ መን እዩ**...? ዝብል ነበረ። በዚ መሰረት ድማ ኣብ ኤርትራ ይኹን ድሕሪ ንኢትዮጵያ ምእታዉ፡ እንታይነቱን ሓቀኛ ዕላምኡን እንታይ እዩ?። እቲ ጽሒፍዎ ዘሎ ካብ ናቱ ኣረዳድኣ ዝመንጨወ ድዩ? ወይ ድማ ድሕሪኡ ደፋፋኢ ኣለዎ?...ወዘተ ዝኣምሰላ ሕቶታት መልሲ ክንረኽበለን ጻዕርታት ኣካየድና። እቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ብዙሕ እኳ እንተኾነ እተን ዘገደሳናን ንጉዳይና ዝምልካታን ግና እዘን ዝስዕባ እየን።

1- ዮሴፍ ባዕሉ ከምዘውረየ፡ ኣብ ዙርያ 19 2006 ድሕሪ ምስታፉ፡ ነዊሕ ከይጸነሓ ብስም ናይ ካድር ትምህርቲ ናይ ህግድፍ ፖለቲካዊ ትምህርትን ከም ዝወደአ፡ ኣብ ክፍሊ ዜና ኣብ ድምጺ ሓፋሽ ከገልግል ከምዝጸነሐ ይገልጽ። ብወገና ግን በቶም ኣብ ውሽጢ ሃገር ደሓን ኣፍልጦ ዘለዎም ተወኪስና ዝረኸብናዮ ሓበሬታ: ንናይ ዮሴፍ ኣባሃህላ ዘረጋግጽ ኣይኮነን። በንጻሩ ዛንታ ዮሴፍ ኣሰር ክንረኽበሉ ኣይከኣልናን።

2- ዮሴፍ ንኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ዝሓበሮ፡ ወላዲቱ እዝግሃርያ ፍስሃየ፡ ወላዲኡ ድማ ገብረሂዎት ሓድጉ ከምዝኾነ እዩ። ንሕና እንታይነቱ ኣብ ምጽራይ ኣብ ዝገበርናዩ ጻዕሪ ግና እዚ ዝስዕብ ጽኡይ ሓበሬታ ረኺብና። ናይ እዝግሃርያ ፍስሃየ (ማለት ዮሴፍ ወላዲተይ እያ ዝብላ) ታሪኽ ምስ እንዕዝብ ካልእ እዩ። ዮሴፍ ውላዲየይ ገብረሂዎት ሓድጉ እዩ፡ ዝብል። የግዳስ ባዓል ቤታ ንእዝጊሃርያ ፍስሃየ ገብረሂዎት ሓድጉ ዘይኮንስ፡ የማነ ወልዱ ዝተባህለ እዩ ነይሩ። እዚ ሰብ ብዙሓት ኤርትራውያን ምስ ደርጊ ብምስራሕ ንሓደጋ ዘሳጠሐ ባእታ ኮይኑ፡ ድሒሩ ኣብ ስዑድያ ኣብ 80ንያታት ይሰርሕ ነይሩ። ንእዝግሃርያ ድማ መስ ሻዕቢያ ኣይትጻወቲ፡ ..... ንኣስመራ እተዊ.....ኣብኡ ገዛ ክንዕድግ ኢና......ወዘተ.... ኢሉ ዝጽሕፎ ዝነበረ ብጸጥታ ናይ ህዝባዊ ግንባር እናተነበበ ይሓልፍ ነይሩ...ካብ ስዑዲያ ክምለስ ከሎ፡ ህ.ግ. ዘይተኸታተልዎ መሲልዎ ብዝቀጻጸርዎ ዝነበሩ ቦታ ክሓልፍ ከሎ፡ ኣብ መንገዲ ተታሕዘ። ከይጸነሐ ድማ ብ1985 ብህዝባዊ ግንባር ኣብ ኢንግል ተቐትለ።

3-ዮሴፍ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ኣብ ኢትዮጵያ ክነጥፍ ኣብ ዝጀመረሉ እዋን፡ ነዊሕ ከይጸነሐ ጸጥታዊ ጥርጠራታት ኣብ ልዕሊኡ ብዝምልከቶም ኣካላት ከምዘሎ ስለ ዝፈለጠ፡ ቀልጢፉ ምስታ ኣብቲ እዋን ኣብ መዓስከራት ስደተኛታት ትንቀሳቐስ ዝነበረት ክፍሊ ሙዚቃ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ተሞኺሊዩ ክስለፍ እየ ብምባል ካብ መዓስከር ስደተኛታት ወጺኡ። እቲ ዘሕዝን ኣብ መንጎ ግንባር ሃገራዊ ድሕነትን እቶም ዝጠርጠርዎን ናይ ሓበሬታታት ምልውዋጥ ስለ ዘይነበረ፡ በኣግኡ ክኽሸፍ ኣይተኻእለን።

4-ኣብ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ምስ ተሰለፈ፡ ወላዲኡን ኣኩኡን ብሻዕብያ ከም ተቐትሉ እዩ፡ ዝዛረብ። እቲ ዝገርም ግና ኣብኡ ኣብ ኢትዮጵያ ክረኽቦ ምጺኡ ከምዘሎ፡ ሓደ ሰብ ንቤት ጽሕፈት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት መጺኡ ከም ዝሓበረ፡ ምስ ተነግሮ፤ ቀዚዙ ትም ከምዝበለ ናይ ዓይኒ መሰኻኽር ኣለዉ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣቦይ ተቐቲሉ እዩ ኢሉ ከብቅዕ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ዮሴፍ ንሓደ ሰብ ደዊሉ እቲ ሰብ ንኣቡኡ (ማለት ምይቱ'ዩ ዝበሎ ወላዲኡ) ደዊሉ ብዛዕባ ካልእ ሰብ ሓበሬታ ከመሓላልፈሉ ከምዝተላበወ ዝምስክር ሰነድ ኣብ ኢድና ኣሎ።

5- ብኻልእ ሸነኽ ምስ ፈተሽና፡ ዮሴፍ ወላዲተይ ኢሉ ብዕሊ ኣመዝጊብዋ ዘሎ እዝግሃርያ ፍስሃየ ዘይኮነትሲ፡ **ኣረጋዊት ኪዳን** ብምባል እዩ።

እዚ ኩሉ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽናዮ፡ ትውልዲ ዮሴፍ ክነጻሪ ኣይኮነን። ንዓና መበቆሊኡ ብዘየገድስ ኩሉ ኤርትራ ሃገረይ ኢ.ያ ዝብል  ኤርትራዊ'ዩ/ኤርትራዊት'ያ። እዚ መሰል ማንም ዘይግህሶ ሰብኣዊ መሰል'ዩ። የግዳስ እቲ ከም ኣገዳሲ ነጥቢ ክነዘኻኽሮ እንደሊ፡ ህግደፍ ኣብ ንረብሓታቱ ዝዓሙ ሰባት ክመዝዝ እንከሎ፡ እሞ ድማ እቲ ተልእኾ ናይ ስለላ ወይ ድማ ሰነ-ምግባር ዝሰሓተ ምስ ዝኸውን፡ እቶም ነዚ ተግባር ዝለኣኹ መንነቶም ብዝከኣል መጠን እናሓበኡ እዮም፡ ዝተዋህቦም መደብ ዘሰላስሉ። ነዚ ንምዕማም ድማ ህግደፍ ናይ መንነት ቅልውላው ዘለዎም ብተመራጽነት ከምዘዋፍር፡ ዝኾነ ንህግድፍ ዝፈልጥ ዘይዝንግዖ ሓቂ'ዩ።

ናይ ዮሴፍ ገብሪሂዎት ሓቀኛ ስም መን'ዩ ?፡ ወለዱ መን እዮም? ተውልዲ ዓዱ ኣበይ እዩ..? ክሳብ እዚ እዋን ኣነ ይፈልጦ እየ ዝብል ኣይረኸብናን። ብርገጽ እንፈልጦ ነገር እንተሎ ግን፡ እዚ ሰብ እዚ ተቓወምቲ ብፍላይ ግንባር ድሕነት ክስልይ ዝተመደብ ሰብ ምዃኑ እዩ።

ኣብ ዝስዕብ ክፋላት ብመሰረት ዝኣከብናዮ ናይ ድምጺ ሰነዳት፡ መሪሕነት ውድብ ቅድሚ ጉባኤ ይኹን ድሕሪኡ ብኸመይ ሰነዳቱ ይስረቕ ነይሩን ኣሎን! ምምስራት ኣዕናዊት ምስጢራዊት ጉጅለን ኣባላታን፡ ወዘተ..ብዝምልከት በብክፋላት መልክዕ ክነቕርብ ምዃና እናሓበርና፡ ንኽትከታተሉ ብኽብሪ ንዕድም።